ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ናይ 2017 ዓ.ም በዓል ኣሸንዳ/ዓይኒዋሪ/ማርያ/ዕሞረይ ትግራይ መራሒ ሓሳብ ንምኽባር ኣብ ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ብኩነት ምድላውን (Even Organizing) ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም ዝሓሸ ልምድን ዓቕምን ዘለዎምን ትካላት ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 26, 2017 ( ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 2, 2017 11:30 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: -18, 1745 06:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኢቨንት ምዝግጃው/

ም ል ክ ታ

ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ናይ 2017 ዓ.ም በዓል ኣሸንዳ/ዓይኒዋሪ/ማርያ/ዕሞረይ ትግራይ መራሒ ሓሳብ ንምኽባር ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። በዚ መሰረት : እቲ በዓል ብክልል ብርኪ ክብረ በዓል ኣሸንዳ ዓይኒ-ዋሪ/ማርያ/ፅሞረይ: ሰረት ሰላም፣ ሓድነትን ተስፋን ትግራይ" ብዝብል ንምኽባር ዘድልዩ ወፃኢታት ንምትእልላሽን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ብኩነት ምድላውን (Even Organizing) ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም ዝሓሸ ልምድን ዓቕምን ዘለዎምን ትካላት ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ ኣብዚ ክትሳተፉ እትደልዩ ትካላት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ረቛሒታት ውጥን ሓሳብኩም (ፕሮፖዛልኩም) ካብ 25/09/2017-02/10/2017 ዓ/ም ብምቕራብ ክትወዳደሩ ይዕድም።

✓ ኣብ ኩነት ምድላው (Event Organizer) ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ፣ ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነ፣ ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ዝኽእልን፣

✓ ዓበይቲ ዓለም-ለኻዊ፣ ሃገራውን፣ ክልላውን ፋይዳ ዘለዎም ኩነትን (Events) ናይ ምድላው ልምዲ ዘለዎን ናይዚ መስክር ወረቐት ዘቕርብን

✓ ትርጉምን ክብደትን እቲ በዓል ብዝግባእ ኣፍልጦ ከምዘዎ ዘረድእ ውጥን ሓሳብ (ፕሮፖዛል) ከቕርብ ዝኽእል

✓ መበቆላዊ ትሕዝቶ እቲ ክብረ በዓል ብዝሓለወ መንገዲ ክኽበርን ብሓደሽቲ ፈጠራታትን ናይ ቴክኖሎጂ ሓገዝን ብምብርካት ብርኪ እቲ ፍፃመ ናብ ዝሓሸ ብራኽ ክብ ንምባል ርኡይ ግደ ክፃወት ዝኽእል

እቲ በዓል ካብ ቕድመ-ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ፍፃመ ብዝተሳኸዐ መንገዲ ንክሳለጥ ምሉእ ሞያዊ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሕን ፋይናንሳዊ ውሕስና ከቕርብ ዝኽእልን

✓ ናይ ትካሉ ሓፈሻዊ መረዳእታን ናይ ሰራሕተኛታት ብቕዓትን (company profile and staff competency) መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል

✓ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዘቐመጦም ኣንፈታትን መምርሕታትን ኣኽቢሩ ዝሰርሕን ተወሰኽቲ ዓቕምታት ከምፅእ ዝኽእልን ፍሉያት ብልጫታት ዘለውዎን

✓ ኣግባብ ኣከባብራ እቲ በዓል፣ ኣወፋፍራን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ፣ እቶት ኣተኣኻኽባ ሜላ፣ ከምኡ ድማ መጠን ብፅሒቱን ኣብቲ ዝቐርብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ውጥን ሓሳብ (ፕሮፖዛል) ፕሮፖዛል ብግልፂ ዘቅርብ፡

✓ ሰዓራይ ትካል ኣብ ውሽጢ 3' መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ብውዕሉ መሰረት ክሰርሕ ዝኽእልን በብሰሙኑ ክንንውኑ ብፅሑፍን ብቓልን መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል።

✓ ቢሮና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ምልክታ ብምሉእ ወይ ድማ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

✓ ብናይ ተባዕታይ ፆታ ዝተጠቐሱ ንኣነስታይ ፆታ እውን የካትት እዩ፡፡

✓ እዞም ዝተጠቐሱ ረቑሕታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ውጥን ሓሳቦም (ፕሮጀክት ፕሮፖዛል) ዓሺጎም ክሳብ ዕለት 02/10/2017 ዓ.ም ሰዓት 11:30 ድሕሪ ቐትሪ ናብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ቀዳማይ ደብሪ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣታዊ ክትገብሩ ንሕብር፡፡

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle